ኣብ ወርሒ ግንቦት 1995 ብናይ ዋሽንግተን ስቴት ኣመሓዳሪ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ብዛዕባ ካብ ቤት ትምህርቲ ዘይምብኳር ዝምልከት ዘሎ ሕጊ ሓድሽ ሕጊ ተፈሪሙ እዩ። እቲ ሕጊ ተመሃሮ፣ ወለድን ናይ ቤት ትምህርቲ ምምሕዳራት ብዘይ ብቑዕ ምኽንያት ንዝተርፉ ተመሃሮ ናብ ቤት ትምህርቶም ክምለሱ ንምግባር ብዛዕባ ዘለዎም ግሉጽ ዝኾነ ሓላፍነት ዝምልከት እዩ። ጥርኑፍ ዝኾነ ጻዕሪ ምግባር ተመሃሮ ኣብ ቤት ትምህርቶም ኩሉሳዕ ክርከቡ የኽእሎም እዩ። ከምኡውን ንምብኳር ምኽንያት ዝኾኑ ነገራት ንምእላይ ይከኣል እዩ።

ኣብ ኩሉ ናይ ኣብያተ ትምህርቲ ምምሕድዳራት ግሉጽ ዝኾነ ብዛዕባ ተመሃሮ ኣብ ቤት ትምህርቶም ክህልው ከምዘለዎም ዝምልከት መምርሒ ኣሎ። ተመሃሮ፣ወለድን፣ ኣብያተ ትምህርትን ሓቢሮም ብምዕያይ ብቑዕ ብዘይኮነ ምኽንያት ተመሃሮ ንዘጓንፎም ብኩራት ጸገም ክፈትሕዎ ይግብኦም።

- ❖ ተመሃሮ ካብ ቤት ትምህርቲ ከብኩሩ ከለው ትምህርቶም ክመሃሩ ኣይክእሉን እዮም። ሓደ ሓደ ነቲ ሓሳባት ንኽርድእዎ ዘኽእሎም ቀንዲ ዝኾነ ትምህርትታት ስለዝሓልፎም ነቲ ክኣምዎ ዘለዎም ስራሕ ብጊዚኡ ከይውድኡን ንድሕሪት ድማ ክትርፎም ይኽእል እዩ።

- ❖ ካብ ቤት ትምህርቲ ንምብኳር ብቑዕ ምኽንያት እንተዘየልዩ ተማሃሮ ኣብ ቤት ትምህርቶም ንክህልው ንምግባር ቤት ትምህርትን ወለዶም/መዕበይቶምን ናይ ሓባር ሓላፍነት ክወስዱ ኣለዎም።

- ❖ ሓደ ተመሃራይ ብቑዕ ብዘይኮነ ምኽንያት ክተርፍ ከሎ ቤት ትምህርቲ ብህጹጽ ጣልቃ ክኣትው ኣለዎ።

- ❖ ቤት ፍርዲ ብተኸታታሊ ንዝተርፉ ሓደ ሓደ ተመሃሮ ናብ ትምህርቶም ንምምላስ ንምግባር ናይ መወዳእታ ውሳኔን ነገር ግን ኣድላይ ስጉምቲ እዩ።

- ❖ እቲ ተመሃራይ ዘብኮረሉ ምኽንያት ወላዲ/መዕበይቲ ምኧኖም እቲ ቤት ፍርዲ እንተድኣበጺሕዎ እቲ ክሲ ኣብ ልዕሊ እቶም ወለዲ ኪኸውን ይኽእል እዩ።

ውላድኩም ብዛዕባ ዘብኮረሉ ምኽንያት ነቲ ዝመሃርሉ ቤት ትምህርቲ ብቴሌፎን ወይ ድማ ብጽሑፍ ከተፍልጡ ትኽእሉ ኢኹም። ከተፍልጡ ከለኹም ድማ እቲ ዘብኮረሉ ምኽንያት ክትገልጹ ኣለኩም።

---

### እዚ ናይ ግድን ኣብ ቤት ትምህርቲ ክርከቡ ከምዘለዎም ዝምልከት ሕጊ ቀጺሉ ንዘለው ኩነታት ይምልከት ፤

ዕድሚኦም ኣብ መንጎ 8 ን ትሕቲ 18 ዓመት ዝኾኑ ከምኡውን 6 ተን 7 ተን ዓመት ዝመልኦምን ኣብ ናይ መንግስቲ ቤት ትምህርቲ ዝመሃሩ ተመሃሮ ይምልከት። እቲ ሕጊ ካብዚ ታሕቲ ተጸብጺቦም ንዘለው ምኽንያታት ከይምልከት ይኽእል፤

- ❖ ብሕክምና ወይ ድማ ብናይ ኣእምሮ ጸገም ምኽንያት እንተኣብኩሮም፤
- ❖ 16 ተን ካብኡ ንላዕሊ ዝኾኖም ብናይ ወለዲ/መጉዚት ፈቓድ ኣብ ስራሕ ተቖጺሮም ዝሰርሑ።
- ❖ ካብ ቤት ትምህርቲ ዝድለዩ ትምህርትታት እንተድኣ ኣማሊኦም( ጂኢዲ ወይ ድማ ካልእ በቲ ሱፐርኢንተንዳንት ተቐባልነት ዘለዎ ትምህርትታት)

ናይ ግድን ኣብ ቤት ትምህርቲ ክህልው ኣለዎም ንዝብል ሕጊ ዘየኽብሩ ተመሃሮ ኣብ ናይ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ናይ ብኩራት ኣቤቱታ ክሲ ክኽሰሱ ይኽእሉ እዮም። እቲ ቤት ፍርዲ እቲ ተመሃራይ ትምህርቱ ኪከታተል ከምዘለዎ ክውስን ይኽእል። ወይ ድማ እቲ ተመሀራይ ኮነ ኢሉ ናይ ቤት ፍርዲ ትእዛዝ እንተድኣ ጥሒሱ እቲ ቤት ፍርዲ እቲ ተመሃራይ ትምህርቱ ኪከታተል ዝኾነ ዓይነት ስጉምቲ ኪወስድ ይኽእል እዩ። ካብቲ ስጉምትታት ድማ ናይ ኮሚኒቲ ኣገልግሎት ክህብ ምግባር ኣብ ናይ መንእሰያት ቤት ማእሰርቲ ኪእሰር ምግባር ኪኸውን ይኽእል።

---

### ካብቶም ቤት ትምህርቲ እንታይ ትጽቢት ከምዘሎ፤

- ❖ በብመዓልቱ ስም ምጽዋዕን ሓደን ክለተን መዓልት ብዘይ ብቑዕ ምክንያት እንተኣብኩሮም ወለዲ/መዕበይቲ ኪፈልጥዎ ምግባር

- ❖ ክልተን ካብኡ ንላዕሊ ከብኩሩ ከለው ምስ ወለዲ ንምዝርራብ ቆጸር ምሓዝ፤

- ❖ ውላድኩም ቤት ትምህርቲ ዝተረፈሉ ምኽንያት ንምፍላጥን ትምህርቱ ኪከታተል መደብ ንምሕንጻጽ ዝሕግዝ ስጉምትታት ምውሳድ
- ❖ እቲ ተመሃራይ ኣብ ሓደ ወርሒ 7 መዓልቲ ብኩራት እንተለዎ ወይ ድማ ኣብ ውሽጢ ዓመት 10 መዓልቲ ብኩራት እንተለዎ ኣብ ናይ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ናይ ብኩራት ክሲ ምቕራብ

እዚ ኣብ ቤት ትምህርቲ ናይ ግድን ክርከቡ ከምዘለዎ ዝምልከት ሕጊ ዘየኽብሩ ቤት ትምህርትታት ካብ ናይ ስቴት ዝረኽብዎ ናይ ገንዘብ ሓገዛት ወይ ድማ ካልኣ ሓገዝ ከይረኽቡ ይገብሮም እዩ።

ወለዲ ለትምህርት ንትምህርቲ ዝበጽሑ ደቆም ኣብ ቤት ትምህርቲ ከመዝግቡን በብዕለቱ ድማ ትምህርቶም ኪከታተሉ ናይ ምግባር ሓላፍነት ኣለዎም።

ወለዲ/መዕበይቲ ነዚ ኣብ ቤት ትምህርቲ ናይ ግድን ክህልው ከምዘለዎም ዝምልከት ሕጊ ዘየኽብሩ ኣብቲ ናይ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ብዛዕባ ናይ ብኩራት ኣቤቱታ ክሲ ክሲ ከምጾም ይኽእል እዩ። ወለዲ እቲ ውላዶም ብዘይ ብቑዕ ምኽንያት ኣብ ዝተርፈሉ ነፍስ ወከፍ መዓልቲ $ 25 ዶላር ኪቕጽኡ ይኽእሉ እዮም።

---

እቲ ቤት ፍርዲ ካብ ዝውስኖም ካልእ ስጉምትታት ድማ ኣብ ኮሚኒቲ ኣገልግሎት ክህቡ ምግባር ክርከቦ ይኽእል እዩ።

---

ካብዚ ንታሕቲ ተጸብጺቦም ዘለው ናይ ቤት ትምህርቲ ምምሕድዳር ብብቑዕን ዘይብቑዕን ምኽንያታት ኣብ ኩሉ ናይ ዕድመ ክልል ንዝርከቡ ተመሃሮ ዝምልከት እዩ፤

### ብቑዕ ብዝኾነ ምኽንያት ምብኳር ፤

- ❖ ብዘይተሓሰበ ምኽንያት ምብኳር ልጅዎ ውላድኩም ብሕመም ወይ ድማ ማህሰይቲ ወይ ድማ ካብ ቤተሰብ ኣባላት ዝሓመሙ ወይ ድማ ዝተሃሰዩ ወይ ድማ ዝሞቱ እንተድሃሊዮምን ውላድኩም ናብ ቤት ትምህርቲ ንኸይመጽእ እንተዘይክኢሉ ካብቲ ዘብኮሩሉ ጊዜ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 48 ሰዓታት ከተፍልጡ ኣለኩም። ውላድኩም ንብዙሕ መዓልቲ ብሕማም ወይ ድማ ብሓደጋ ምኽንያት እንተብኩሩ እቲ ቤት ትምህርቲ ካብ ዶክተር ወረቐት ኣጽሒፍኩም ከተምጽኡ ኪሓትኹም ይኽእሉ እዮም።

- ❖ ኣቐዲምካ ሓሲብካ ዝተገብረ ብኩራት ነቲ ኣመሓዳሪ ወይ ድማ ንሓጋዚ ኣመሓዳሪ እቲ ብኩራት ዝተሓሰበሉ መዓልቲ ቅድሚ ሰለስተ መዓልቲ ፈቓድ ብምሕታት ዚግበር ምትራፍ። መብዛሕትኡ ጊዜ ቤተሰብ ካብ ከተማ ወጻኢ ኣብ ዝኸዱሉ እዋን፣ ናይ ዶክተር ወይ ድማ ናይ ስኒ ሓኪም ቆጸራ ኣብ ዝህልወሉ እዋን ወይ ድማ ብምኽንያት ናይ ሃይማኖት በዓል ወይ ድማ ንሓደ እዋን ፍልይ ዝበለ ኩነታት ከጋጥም ከሎ ዝግበሩ ብኩራት። እቲ ቤት ትምህርቲ ውላድኩም ዘይወድኦ ዕዮታት እንተሊዩ ንእኡ ከማልእ ወይ ድማ ንእኡ ዚትክእ ናይ ትምህርቲ ዕዮ ኪሰርሕ ኪሓትዎ ይኽእሉ እዮም።

- ❖ ንሓጺር እዋን ብምኽንያት መቕጻዕቲ ውላድኩም ካብ ትምህርት ከይህልው ክግበር ከሎ በቲ ናይ ቤት ትምህርቲ ናይ ብኩራት መዝገብ ከም ብኩራት ኣይሕሰበሉን እዩ።

### ብቑዕ ብዘይ ኮነ ምኽንያት ምትራፍ :

- ❖ ኩሎም ካልእ ዓይነት ብኩራት ብቑዕ ተቐባልነት የብሎምን ።ይህም ንኣብነት እቲ ተመሃራይ ወይ ድማ ወላዲ ድቃስ ስለዝወሰዶ፣ ፣ እቲ ተመሃራይ ኣውቶቡስ ስለዝሓደጎ፣ ብናይ ትራንስፖርት ጸገም ምኽንያት፣እቲ ተመሃራይ ቆልዓ ኪሕልው ሰለዝተደለየ፣ እቲ ተመሃራይ ስራሕ ስለዘለዎ፣ ብምኽንያት ሃይማኖታዊ ትእዛዝን ወዘተን

- ❖ ንነዊሕ እዋን ካብ ቤት ትምህርቲ ተሰጕጎም ዝነበሩ ወይ ድማ ፈጺሞም ዝተባረሩ ተመሃሮ ከም እንደገና ተመዝጊቦም ንኽመሃሩ ቦታ እንተተረኺቡሎምን ነገር ከይተመዝገቡ ትምህርቶም እንተዘይተኸታቲሎም እቲ ዝተረፍዎ ከም ብኩራት ኪሕሰበሎም እዩ።

- ወለዲ “ ናይ ውላደይ ብኩራት ኣይትጸብጽቡለይ” ኢሎም ብዘይ ብቑዕ ምኽንያት እንተተሓቲቶምን ኣብ ላዕሊ ካብ ዝተገልጹ ምኽንያታት ወጻኢ እንተኾይኑ እቲ ብኩራት ኪድምሰስ ኣይክእልን እዩ።

ናይ ግድን ኣብ ቤት ትምህርቲ ምህላው ብዝኾነ ሕጊ መሰረት ሓደ ተመሃራይ ኣብ ውሽጢ ወርሒ 7 ወይ ድማ ኣብ ዓመት10 መዓልቲ ብኩራት እንተሊዎ እቲ ቤት ትምርህቲ ምምሕድዳር ናብ ናይ መንእሰያት ቤት ፍርዲ ጥርዓን ከቕርብ የኽእል እዩ። እቲ ጥርዓን እቲ ተመሃራይ ትምህርቱ ኪከታተል እቲ ቤት ፍርዲ ከገድዶ ዝሓትት እዩ።

እቲ ጥርዓን እንተድኣ ቀሪቡ፡ እቲ ቤት ፍርዲ እቲ ጉዳይ ምእንቲ ኪስማእ መዓልትን ሰዓትን ብምውሳን ወላድን ተመሃራይን ኪርከቡ ይሓትት። ብሓደ ሓደ ኩነታት ድማ ወለዲ ናብ ቤት ፍርዲ ቅድሚ ምምጽኦም ብዛዕባ ብኩራት ዝምልከቱ ስልጠናታት ኪወስዱ ኪሓትት ይኽእል እዩ። ከምኡ ድማ እቲ ቤት ፍርዲ እቲ ጉዳይ ኣብ ቤት ፍርዲ ኪስማዕ ቆጸራ ቅድሚ ምትሓዙ ካልእ ጣልቃታት ኪገብር ይኽእል እዩ።

ሓንሳእ እቲ ጉዳይ ኣብ ቤት ፍርዲ ምስ ቀረበን ንወላድን ተመሃራይ ዝምልከት ናይ ቤት ፍርዲ ትእዛዝ ምስተመሓላለፈ ብቑዕ ምኽንያት ዘይብሎም ብኩራት እንተድኣ ተገይሩ፡ ናይ ቤት ትምህርቲ ምምሕድዳር ነቲ ጉዳይ እቲ ቤት ፍርዲ ኪፈልጦ ናይ ምግባር ሓላፍነት ኣለዎ። እቲ ቤት ፍርዲ ወላዲ ወይ ድማ ውሉድ ኮን ኢሎም ነቲ ትእዛዝ ከምዝጠሓሱ ንምርግጋጽ እቲ ጉዳይ ኪስማዕ ቆጸራ ክገብር ይኽእል እዩ። እዚ እንድሕር ተራእዩ ናይ ቤት ፍርዲ ትእዛዝ ከምዝተጣሕሰ ብዝምልከት ንዝግበር ናይ ቤት ፍርዲ ቆጸራ ንውላድኩም ዝውክል ጠበቃ ኪግበረሉ እዩ።
ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ እቲ ቤት ፍርዲ እቲ ተመሃራይ ትምህርቱ ምእንቲ ኪከታተል ንምግባር ዝኾነ ዓይነት ስጉምትታት ኪወስድ እዩ።

እቲ ቤት ፍርዲ ዝወስዶም ውሳኔታት መፍትሒኡ ምስ ናይ ውላድኩም ኣብ ትምህርቱ ምክትታትልን ዘይምክትታልን ዝተታሓሓዘ እዩ። ናይ ውላድኩም ናይ ብኩራት ጸገም እቲ ቤት ትምህርቲ ኪሕግዘኩም ናትኩም ምትሕብባር ኣገዳሲ እዩ። ናይ ውላድኩም ቤት ትምህርቲ ኪራኽበኩም ከሎ ንሓቶ ሓደ ነገር ናይ ውላድኩም ትምህርቲ ዓወት ንምርኣይ ምሳና ሓቢርኩም ንኽትሰርሑ ሓገዝኩም ንምሕታት እዩ።

ብኽብረትኩም እቲ ቤት ትምህርቲ ብዛዕባ እዚ ከፍልጠኩም ከሎ ብህጹጽ መልሲ ሃቡ። ኣብ ካልኣይ ደረጃ ዝመሃሩ ተመሃሮ እቲ ዝተረፉሉ ምኽንያት ብቑዕ ይኹን ኣይኹን 10 ዝኣክል ብኩራት እንተሊዎም ነቲ ዝመሃርዎ ትምህርቲ ነጥቢ ከይወሃቦም ይኽእል እዩ። ብህጹጽ ጣልቃ ምእታው ነቲ ናይ ብኩራት ጸገም ከዕረን ትምህርታዊ ኣስልጥኦም ድማ ዕውት ክኸውን ይኽእል እዩ።

ናይ ውላድኩም ናይ ብኩራት መቆጻጸሪ መዝገብ ሕቶ እንተኣሊኩም ወይ ድማ ብዛዕባ ናይ ውላድኩም ናይ ትምህርቲ ኩነታት ንምፍላጥ እንተደሊኹም ናብ ናይ ውላድኩም ቤት ትምህርቲ ደውሉ።

ብኩራት ዝምልከቱ ጉዳያት ወይ ድማ ካብቲ ናይ ብኩራት ዝከታተል ቤት ጽሕፈት ናይ ብኩራት ኣቤቱታ ዝሓዘ ቅዳሕ ደብዳበ እንተድኣረኺብኩምን፡ ብዛዕባ እቲ ኣቤቱታ ወይ ድማ ናይ ቤት ፍርዲ ኣሰራርሓ ሕቶ እንተሊኩም ብዛዕባ ብኩራት ናብ ዝከታተል ቤት ጽሕፈት ብቴሌፎን ቁጽሪ 252-0825 ደዊልኩም ኣዘራርቡ።

ካብቲ ልሙድ ዝኾነ ብኩራት ንላዕሊ ውላድኩም ናይ ምብኳር ጸገም እንተለዎ ናይ ውላድኩም ቤት ትምህርቲ ኣመሓዳሪ ወይ ድማ ብኩራት ዝከታተል ቤት ጽሕፈት ተወሳኺ ሓበሬታ ብምሃብ ኪሕግዙኩም ይኽእል እዩ።

ፖሊሲ
ናይ ሲያትል ወረዳ ቤት ትምህርቲ ምምሕድዳር ዓሌት፣እምነት፣ ሕብሪ፣ መበቆል ፣ ጾታ፣ ኣካለ ስንኩልነት፣ ናይ ጾታ ዝንባሌ ከይረኣየ ንኹሉ ማእረ ዝኾነ ናይ ትምህርቲ ዕድል ይህብ እዩ። ናይ ሲያትል ወረዳ ቤት ትምህርቲ ምምሕድዳር ብዓሌት፣ ብእምነት፣ብሕብሪ ብመበቆል፣ዕድመ፣ ጾታ፣ ኩነታት ሓዳር፣ኣካለን ስንኩልነት ወይ ድማ ናይ ጾታ ዝንባሌ ከይፈላለየ ንኹሉ ናይ ስራሕ ዕድል ይህብ እዩ። እቲ ወረዳ ካብዚ ስዒቦም ካብዘለው ናይ ስቴትን ፌደራልን ህግታት ጥራይ ከይተወሰነ ቀጺሎም ንዘለው ናይ ሲቪል መሰላት ዝኾነ ከም ታይትል 6፣ ታይትል 7፣ ታይትል 9 ከምኡውን ኣካለስንኩላን ኣሜሪካውያን ዝምልከት ሕጊ (ADA ) ፣ ኣድልዎ ዝምልከት ሕጊ (RCW 49.60 ) ናይ መደራጀዊ ሕጊ ሴክሽን 504፣ (RCW 28A.640 ) ዝተባህለ ናይ” ጾታ ማእርነት” ሕጊ ከምኡውን ናይ ወረዳ ፕሮግራማትን ትምህርትታትን፣ ምንቅስቃሳታን ተወሳኺ ካብልሙድ ትምህርቲ ወጻኢ ዝኾኑ ምንቅስቃሳት፣ኣገልግሎታትን ህንጻታት ብቐሊሉ ንምጥቃም ዘኽእሉ ኣገልግሎታት የካይድ እዩ።
ናይ ታይትል 9 ብዓልስልጣንን ናይ 504 ኣተሓባባሪ ንምቁጽጻር፣ኦዲት ንምግባርን እዚ ፖሊሲ ኣብ ግብሪ ምውዓሉ ንምርግጋጽ ምስ ሙሉእ ስልጣን ሓላፍነቱ ናይ ፍትሕን ናይ ኣብ ግብሪ ምቁጽጻር ቤት ጽሕፈት ማናጀር እዩ። ።Manager, Office of Equity and Compliance, MS 33-157 P.O.Box 34165, Seattle WA 98124-1165 በቲ ወረዳ ናይ ትምህርቲ ኮነ ናይ ስራሕ ኩነታት ኣድልዎ ተገይሩለይ ኣሎ ዚብል ሰብ ናብዚ ቤት ጽሕፈት ናይ ውስጣዊ ጥርዓን ከቕርብ ይኽእል እዩ።

*TIGRIGNA*

SEATTLE PUBLIC SCHOOLS

## ናት ሲያትል ወረዳ ቤት ትምህርቲ ምምሕድዳር

# “ቤካ ቢል”
# ኣብ ቤት ትምህርቲ ኪርከቡ ከምዘለዎም ብዝምልከት ንዝወጸ ናይ ዋሽንግተን ግዝኣት ሕጊ ኣብ ተግባር ምውዓል
**(28A.225 RCW)**


**Seattle School Board**

Cheryl Chow
Michael DeBell
Mary Bass
Peter Maier
Harium Martin-Morris

Maria L.Goodloe-Johnson, PhD
Superintendent